# ዕድመ ንናይ ሓበሬታ ምሸት

ግደታዊ ምስታፍ

## ኣብ ጥቅምቲ 2025 ንመዋእል ህጻናት ድልው ምዃን

## ንመዋእል ህጻናት ድልው ምዃን

ውላድኩም ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ነሓሰ መዋእል ህጻናት ክጅምር እዩ። ንውላድኩምን ንዓኹምን ዓቢ ስጉምቲ (ለውጢ) እዩ። ቅድሚ ልደተ ናይ መመዝገቢ ቅጥዒ ኣብ ሳጹን ጶስጣኹም ክትረኽቡ ኢኹም። ምእንቲ ኣብ ምጅማር መዋእል ህጻናት ከምኡ`ውን ኣብቲ ኣብ መዋእል ህጻናት ዝጸንሑሉ ግዜ፣ ጽቡቕ ምድላው ምእንቲ ክረኽቡ፣ ብኽብሪ ንዕድማኩም።

## ናይ ሓበሬታ ምሸት፣ ንመዋእል ህጻናት ድልው ምዃን

ብዛዕባ መስርሕ ኣገባብ ምዝገባን ምውዛዕን ክንሕብረኩም ኢና። ኣገደስቲ ነጥብታት ናይ ሰዓታት ትምህርቲ፣ ዕረፍቲ ከምኡ`ውን (ጆከርታገ) ደቅኹም ካብ ትምህርቲ ብዘይ ዝኾነ ጸገም ፍቃድ ክትዎስዱሎም ትኽእሉሉም መዓልታት፣ ሓበሬታ ክወሃብኩም እዩ። ከምኡ`ውን ኣብ መዋእል ህጻናት ዝመሃርዎ ትሕዝቶ ትምህርቲ ኣፍልጦ ንኽህልወኩም መብርሂ ክውሃበኩም እዩ።

ኩሉኹም ወለደን ቆልዑ ናይ ምእላይ ሓላፍነት ዘለኩምን ኣብቲ ናይ ሓበሬታ ምሸት ክትሳተፉ ግደታ ኣለኩም (እንተወሓደ ሓደ ሰብ ክሳተፍ ኣለዎ)። በዚመሰረት ኣርባዕተ ናይ ሓበሬታ ዕለታት ደስ እንዳበለና ነዳልወልኩም።

ሰሉስ፣ ዕለት 21. ጥቅምቲ 2025፣ ሰዓት 18.00
ሰሉስ፣ ዕለት 21. ጥቅምቲ 2025፣ ሰዓት 20.00
ሓሙስ ዕለት 23. ጥቅምቲ 2025፣ ሰዓት 18.00
ሓሙስ ዕለት 23. ጥቅምቲ 2025፣ ሰዓት 20.00

ዝካየደሉ ቦታ፥ ኣብ ቤት\ትምህርቲ ባኽ (Schulhaus am Bach), ኣብ እውላ (Aula, 2. OG) ኣብ ካልኣይ ደርቢ። ኣብ ጎደና Bachstrasse 62, 8200 ኣብ ሻፉውዘን።

ብዝተኻእለኩም መጥን ኣብቲ ናይ ሓበሬታ ምሸት **ብዘይ** ቆልዓ ምጹ። ነቶም ግዱሳት ሰባት ዝተተርጎሙ ሰነዳት ደስ እንዳበለና ነዳልወልኩም።

ብዝተኻእለኩም መጠን ክሳብ ሮቡዕ፣ ዕለት 22. መስከረም 2025 ኣመልክቱ፣ ኣብ ትሕቲ
www.schulen-stadtsh.ch.

* ንሰባት ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፣ ማለት ቀውዒ 2024 ኣብ ዝተኻየደ መደብ "ንመዋእል ህጻናት ድልው ምዃን" ዝብል ንዝተሳተፍኩም፣ ተሳትፎ ግደታ ኣይኮነን። ዝኾነ ይኹን ነቲ መመዝገቢ ቅጥዒ ምልእዎ።